ማይጨው ሕርሻ ኮሌጅ ግልጋሎት ዝውዕል ናይ እንስሳት ናውትን ኣቅሑትን፣ ናይ መኪና ስፔር፣ ፅሕፈት መሳርሒ ፣ናይ ኤሌክትሪክ ኣቅሑት፣ ህንፃ መሳርሒ ፣ማይ አቅሑትን፣ ኤሌክትሮኒክስን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።ስለዚ ኣብዚ ጨረታ ክትወዳደሩ ትደልዩ ነጋዶ ዝስዕብ ረቋሒ ክተማልኡ ይግባእ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ታሕሳስ 13, 2011 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 26, 2011 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:00
- ቦታ:ማይጨዉ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 26, 2011 3:15 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ መለዋወጢ ኣቁሑት ተሸከርካርቲ/ ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ መድሓኒት ምህርቲ/ ናይ እንስሳት ምድሃኒታትን መሳሪሕታትን/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ቅፋሮ ማይ ኢንጂነሪንግ ማሺነሪ, ኣቁሑትን ኣክሰሰሪ/

1 ናይ 2011ዓ/ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዝተመዝገብኩም ኣተሓሒዝኩም ክተቕርቡ እትኽእሉ

2 ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ ዝተመዝገብኩም ቲን ሰርቲፊኬት ክተቅርቡ ትኽእሉ

3 ቫት ዝተመዝገብኩምሉ ሰርቲፊኬትን ናይ ወርሒ ጥቅምቲ ዲክሌር ዝገበርኩምሉ መረዳእታን እተቕርቡ

4 ናይ መቅረባይነት ሰርቲፊኬት ዝተሓደሰ ከተቕርቡ ትኽእሉ

5 ሰነድ ጨረታ ፎቶ ኮፒን ኦርጂናልን ብ2† ፖስታ (ኢንቨሎፕ) ተዓሺጉ ከቅርብ ዝኽእል፤

6 ጨረታ ሰዓርቲ እንተኾይንኩም ዝሰዓርኩምዎ ንብረት ውዕሊ ካብ ዝኣሰርኩምዎ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 10† ናይ ስራሕ መዓልቲ ብናይ በዓልኹም መጓዓዝያ ናብ ኮሌጅና ብፅሬትን ብመጠንን ተቕርቡ ምኟንኩም

7 ኣብቲ ጨረታ ዝሰዓርኹዎም ንብረት ሓደ ዓይነት ዋጋ ንዘቕረብኩም ተወዳደርቲ ብዕጫ እትፍልዩ ምኟኑ፤

8 መወዳደሪ ደኩሜንት ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ሽምን ኣድራሻን ዘለዎ ናይቲ ትካል ማህተምን ፊርማን ክህልዎ ኣለዎ

9 ተጫረቲ ዘይምለስ 50.00 (ሓምሳ ብር) እናኽፈልኩም ካብ ማይጨው ሕርሻ ኮሌጅ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ንብረት ምም/ር U-B20 u-2 ካብ 11/04/2011 ዓ/ም -25/04/2011ዓ/ም ሰዓት 11:00 እናመፃእኹም ክትወስዱ ትኽእሉ።

10 እቲ ጨረታ ዕለት 26/04/2011ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 3:00 ተኣሺጉ ኣብቲ ዕለት ድማ 3:15 ኣብ ማይጨው ሕርሻ ኮሌጅ ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕ/ፋ/ምም/ር ንብረተን ተጫረትቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለውሉ ይኽፈት።

11 ተጫረቲ ናይ እንስሳት ናውትን ኣቅሑትን፣ ናይ መኪና ስፔር፣ ናይ ፅ/መሳርሒ፣ ናይ ጨረታ ውሕስና መኽበሪ ብር 3000.00 (ሰለስተ ሽሕ ቅርሺ) እንትኾን ናይ ኤሌክትሪክ፣ ኤሌክትሮኒክስ ህንፃ መሳርሒን ናይ ጨረታ ውሕስና መኽበሪ ድማ ብር 2000.00 ሽሕ ቅርሺ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብሲፒኦ ብባንኪ ዝተረጋገፀ መአዘዚ ክፍሊት ቼክን ክተትሐዙ እትኽእሉ፤
12 ዝተወዳደርሉ ሰነድ ኮፒን ኦርጅናልን ክተቕርቡ እትኽእሉ ከምኡ ድማ ሰሩዕ ሰነድ ጨረታ ሕድሕድ ገፅ ናይ ተጫረቲ ማህተም

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ብምግባር ብዝተኣሸገ ፖስታ ኣብ ዝተዳለወ ሳነዱቅ ተእትው ትኽእሉ፤

13 ናይ ሕድሕድ ንብረት መዐቀኒ ብነፀላ ወይ ብፓኬት ምኻኑ ኣስተውዒሎም ዋጋ ይምልኡ።

14 ኮሌጅና ነቲ ጨረታ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ኮነ ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስ.ቁጸሪ 0347-700388 ምደዋል ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle